ስድራቤትካ
ሕማም ወይቦ ዓይነት B መርመራ
ብምግባር ካብቲ ሕማም ተኸላኸለሎም

ሕማም ወይቦ ዓይነት B ኣለካ ድዩ የብልካን ምፍላጥ፣ ንነብስኻን ንስድራቤትካን ንምክልኻል ክትገብሮ እትኽእል ቀዳማይ ስጉምቲ እዩ።

ሕማም ወይቦ ዓይነት B ከቢድ ናይ ጥዕና ጸገማት ከስዕብ ይኽእል፤

- መጉዳእቲ/ማህሰይቲ ጸላም ከብዲ
- ኣብ ሆስፒታል ምእታው
- መንሸሮ ጸላም ከብዲ
- ሞት

መብዛሕትኦም ሕማም ወይቦ ዓይነት B ዘለዎም ሰባት ዝሓመሙ ኣይመስሉን ወይ ሕማም ኣይስምዖምን እዩ፣ ስለዚ በቲ ሕማም ተለኺፍካ እንተኾንካ ንምፍላጥ ዝሕግዝ እንኮ መንገዲ መርመራ ምግባር እዩ ።

መርመራ ሕማም ወይቦ ዓይነት B ቀሊል እዩ።

ካብ ቅልጽምካ ቁሩብ ደም ብምውሳድ ጥራይ ዝግበር ቀሊል መርመራ እዩ።

መርመራ ናይ ሕማም ወይቦ ዓይነት B ምግባር ኣገዳሲ’ዩ ምኽንያቱ፣

ብሰንኪ እቲ ቫይረስ ክስዕብ ዝኽእል ተደራቢ ሕማም ንምክልኻል ሕክምናዊ ክንክን ክትረክብ ትኽእል

ሕማም ወይቦ ዓይነት B ናብ ካልኦት ሰባት ከይላባዕ ከተወግድ ትኽእል

ኩሉ ሰብ እንተላይ ዓበይቲ፣ ህጻናትን ዕሸላትን ናይ ሕማም ወይቦ ዓይነት B መርመራ ክገብሩ ይኽእሉ።

MHI
Migration Health Initiative